# ዕቑባ ንምርካብ ከተመልክቱ ደሊኹም

ናይ ምምልካትን፣ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ

**እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ንምንታይ ይወሃበኩም ኣሎ?**
ንስኹም ናብ ኔዘርላንድ ድሕነት (ዕቑባ) ንምሕታት ተጓዒዝኩም ኣለኹም። ዕቑባ ንምርካብ ከተመልክቱ እንከለኹም ብዙሕ ነገር እዩ ዘጓንፈኩም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ኣብቲ ናይ መጀመርታ መዓልታት ናይ መስርሕ ዕቑባ፣ እንታይ ክትጽበዩ ከም እትኽእሉ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። IND ነዚ መድረኽ-ምዝገባ ኢሉ ይጽውዖ። ድሕሪ መድረኽ-ምዝገባ እንታይ ከምዘጋጥም እውን ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ኣብ እዋን መድረኽ-ምዝገባ ኣየኖት ውድባት የጋጥምኹም?

ኣብዚ መድረኽ-ምዝገባ ካብ ዝተፈላለያ ውድባት ምስ ዝመጹ ሰባት ክትራኸቡን ክትዘራረቡን ኢኹም። ገሊኣን ውድባት ናይ መንግስቲ ኔዘርላንድ እየን ገሊኣተን ከኣ ኣይኮናን። ኣብዚ ታሕቲ ምልክት ኣርማ ናይተን ዝተፈላለያ ውድባት ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም። እንታይ ከም ዝገብሩ እውን ሕጽር ብዝበለ ተገሊጹ ኣሎ።

**Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel** (AVIM) ኣካል ናይ ኔዘርላንድ ፖሊስ እዩ። AVIM ኣብ ኔዘርላንድ ንዝርከቡ ወጻእተኛታት ይከታተል። ሰራሕተኛታት መን ምዃንኩም የጻርዩ፣ ከምኡ እውን ንሓበሬታታትኩም ኣብ ስርዓተ-ኮምፒተር ይምዝግብዎን ንሰነዳትኩም ንምምርማር ይወስድዎምን።

**Koninklijke Marechaussee** (KMar) ንዶባት ኔዘርላንድ ይከታተል። ብተወሳኺ ሰነዳት (ንኣብነት ፓስፖርትታት) ሓቀኛታት ምዃኖምን ዘይምዃኖምን እውን ይምርምሩ። ሰራሕተኛታት ንናትኩም ሓበሬታታት ኣብ ስርዓተ-ኮምፒተር ክምዝግብዎ እውን ይኽእሉ።

**Centraal Orgaan opvang asielzoekers** (COA) ነቶም ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከቡ ዕቑባ ዝደልዩ ሰባት፣ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ፣ መዕቆቢ ቦታን ምእላይን ከም ዝህሉው የረጋግጽ። COA ንስኹም መግብን፣ መድሕን ጥዕናን ከምዝህልወኩም እውን ይገብር። COA ምስ ዶክተር ኣብ ምርኻብ ክሕግዘኩም እውን ይኽእል እዩ። COA ገለልተኛ ማለት ነጻ ዝኾነ ተቕዋም እዩ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ። www.coa.nl

**Immigratie- en Naturalisatiedienst** (IND) ክፋል ናይ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ። IND፣ ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንኽትረኽቡ መሰል ዘለኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ይምርምር። ስለዚ ብዛዕባ መንነትኩም ብዝምልከት ምስ ሰራሕተኛታቱ ዝርርባት ኣለዉኹም። ከምኡ እውን ንምንታይ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቕባ ከምዘመልከትኩም እውን። IND፣ ንውልቃዊ ታሪኽኩምን፣ ነቲ ኣብቲ መበቆል ሃገርኩም ዘሎ ኩነታትን ይምርምር። ብድሕሪኡ IND፣ ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትጸንሑ ዝፍቐደልኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ይውስን። www.ind.nl

**VluchtelingenWerk Nederland** (VWN) ገለልተኛ ማለት ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበር እዩ፣ ከምኡ እውን ንረብሓታት ናይ ሓተትቲ ዕቑባ ንምርግጋጽ ዝቔመ እዩ። VWN ነዚ መስርሕ ኣብ እተካይድሉ እዋን ብዛዕባ እቲ መስርሕ ዕቑባ ዝምልከት ብውልቂ ሓበሬታ ይህብኩምን ይሕግዘኩምን፣ ምስ ካልኦት ውድባት ጸገማት ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን ከም መንጎኛ ይድግፈኩምን። ከምኡ እውን ኣብዚ መዳይ እዚ ምስ ጠበቓኹም ብቐረባ ይሰርሕ። VWN ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ።
www.vluchtelingenwerk.nl
www.refugeehelp.nl

ኣብ ህንጻታት IND፣ ከምኡ እውን ኣብ መዕቆቢ ማእከላት ናይ COA **ሓለውቲ ጸጥታ** ይንቀሳቀሱ እዮም። ብዝለብስዎ መለለዪ ክዳን ማለት ዩኒፎርም ከተለልይዎም ትኽእሉ ኢኹም። ሓለውቲ ጸጥታ ንድሕንነትኩም እዮም ኣብኡ ዘለዉ። ንሳቶም ሳንጣኹም ይኽዝኑ። ኣብቲ ህንጻታትን ቀጽረታትን እንታይ ከምዝፍቀድን ከምዘይፍቀድን ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም። እቶም ሓለውቲ ጸጥታ ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዑቑባ ብዝምልከት ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሎምን። ከምኡ እውን ናብ ውልቃዊ ጉዳይኩም መእተዊ የብሎምን።

**GezondheidsZorg Asielzoekers** (GZA) ክትሓሙ እንከለኹም ወይ ሕክምናዊ ሕቶታት ምስዝህልወኩም እትኸድዎ ውድብ እዩ። ኣብ ነፍስወከፍ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ወይ ኣብ ጥቓኡ፣ ሓደ ማእከል ክንክን ጥዕና ሓተትቲ-ዑቕባ GZA ኣሎ። GZA፣ ምስ ተሓጋጋዚ ሓኪም፣ ምስ ኣላዪት ሕሙማት፣ ምስ ምክትል ዶክተር፣ ምስ ክንክን ኣእምሮኣዊ ጥዕና (GGZ)፣ ወይ ምስ ሓፈሻዊ ክኢላ ሕክምና ቆጸራታት የዋድደልኩም። www.gzasielzoekers.nl

ኣብቲ መዕቆቢ ቦታ ምስ ናይ **Argonaut Advies** (ቀደም Medifirst ዝበሃል ዝነበረ) ነርስ ቆጸራ ኣለኩም። እዛ ነርስ ኣብቲ ሕክምናዊ መርመራ ክትሳተፉ ትደልዩ እተኾይንኩም ትሓተኩም። እዚ መርመራ ኣብቲ ምስ IND ዝህልወኩም ዝርርባት ጽልዋ ክህልዎ ዝኽእል ኣእምሮኣዊ ን/ወይ ኣካላዊ ጸገማት ዘለኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ።

## ኣብ መድረኽ-ምዝገባ እንታይ የጋጥም?

ኣብዚ ታሕቲ ኣብ መድረኽ-ምዝገባ ኩሉ እንታይ ከምዘጋጥም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ናትኩም ጉዳይ፣ መስርዕ ናይቶም ስጉምትታት ዝተፈልየ ኪኸውን ይኽእል እዩ። መጀመርያ ኩሉ ግዜ ኣብ ተርኣፐል [Ter Apel] ኢኹም እትምዝገቡ። እቶም ዝተረፉ ስጉምትታት ኣብ ካልኦት ቦታታት ከትስዕብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

| | |
|---|---|
| 1ይ ስጉምቲ፡ | ናብ ማእከል ምዝገባ ተርኣፐል ምምጻእ |
| 2ይ ስጉምቲ፡ | ቀዳማይ ምዝገባ ኣብ IND |
| 3ይ ስጉምቲ፡ | ምልላይ መንነትን ምዝገባን |
| 4ይ ስጉምቲ፡ | ሕክምናዊ ቊጽጽር |
| 5ይ ስጉምቲ፡ | ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት |

### 1ይ ስጉምቲ፡ ናብ ማእከል ምዝገባ ተርኣፐል ምምጻእ

ንስኹም ኣብ ማእከል ምዝገባ ተርኣፐል [Ter Apel] ትመጽኡ። ኣብዚ ህንጻ እዮም ኩሉም መስርሓት ናይ ዕቑባ ዝጅምሩ። ኣብዚ ድሕሪ ምምጻእኩም፡

- ሓደ ሓላዊ ጸጥታ ስምኩም ክጽሕፎን፣ ከምኡ እውን ሓደ ሓላዊ ጸጥታ ንሳንጣኹም ክወስዶን ኢዩ።
- ሓደ ሓላዊ ጸጥታ ናብቲ መጸበዪ ቦታ ክወስደኩም እዩ። ኣብዚ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ IND ናብቲ ሰደቓ ዝርርብ ንምግባር ክሳብ ዝወስደኩም ክትጽበዩ ኢኹም።

### 2ይ ስጉምቲ፡ ናይ መጀመርታ ምዝገባ ብIND

- IND፣ ብዛዕባ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ይሓተኩም፣ ከምኡ እውን ስእልኹም ይወስድ። ነዚ ድማ ኣብ ስርዓተ-ኮምፒተር ይዕቅቦ።
- IND፣ ቅጥዒ-ምዝገባ ኣብ ወረቐት ወይ ኣብ ኮምፒተር ንኽትመልኡ ክሓተኩም ይኽእል እዩ። እዚ ቅጥዒ፣ ቅጥዒ-ምዝገባ ይበሃል። IND መመልከቲ ቅጥዒ ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ክውስን ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ጻዕቂ ስራሕ ምስ ዝህሉው። በዚ ቅጥዒ እዚ ኣቢሉ IND ብዛዕባኹም ኣቀዲሙ ኣገዳሲ ሓበሬታ ይረክብ። ንኣብነት ብዛዕባ መንበሪ ቦታኹም፣ ስድራ-ቤትኩምን ጉዕዞኹምን ዝምልከቱ ሕቶታት ኣለዉ። ስለምንታይ ዕቑባ ትሓቱ

ክምዘለኹም ንዝብል ሕቶ እውን ኣሕጽር ኣቢልኩም ክትምልሱ ኢኹም። IND፣ ነዚ ሓበሬታ ተጠቒሙ መስርሕ ዕቑባኹም ብኸመይ ከም ዚቕጽል ይግምግም። ስለዚ ብቕንዕና መልሲ ክትህቡ ኣገዳሲ እዩ።

ጻዕቂ ስራሕ እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ፣ ድሕሪ ቀዳማይ ምዝገባ ንግዚኡ ናብ ካልእ ናይ COA ቦታ ክትሰጋገሩ ትኽእሉ ኢኹም። መስርሕኩም እንደገና ክሳብ ዝቕጽል ድማ ኣብኡ ክትጸንሑ ኢኹም።

**3ይ ስጉምቲ: ምልላይ መንነትን ምዝገባን**

ንዕቑባኹም ብዝምልከት፣ መንግስቲ ኔዘርላንድ ንስኹም መን ምዃንኩም መንነትኩም ክፈልጥ ኣለዎ። ስለዚ ኸኣ እዩ መጀመርያ ምልላይ መንነትን ምዝገባን ዝስዕብ፡

- ምልላይ መንነት ማለት ንስኹም መን ምዃንኩም መንነትኩም ምርግጋጽ ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ብሰነዳትን፣ ብዛዕባ መበቆልኩም ብምሕታትን እዩ ዚግበር።
- ምምዝጋብ ማለት ናትኩም ሓበሬታታት ኣብ ሃገራዊ ስርዓተ-ኮምፒተር ምዕቃብ ማለት እዩ። እዚኦም ሓበሬታታት ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ንምምስራሕ ኣድለይቲ እዮም።

ሰራሕተኛታት ናይ 2 ውድባት እዮም ነቲ ምልላይ መንነትን ምዝገባን ዘረጋግጹ። እዚኣቶም AVIMን KMarን እዮም። እቲ ምዝገባ ብሓገዝ ኣተርጓሚ (ብተሌፎን) እዩ ዚግበር። ኣብዚ ታሕቲ እቲ ምዝገባ ብኸመይ ከምዝካየድ ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። AVIM ወይ KMar፡

- መንነትኩም ንምግምጋም ስምኩም፣ መንበሪ ቦታኹምን፣ መገሻኻኹምን ይሓተኩም። ስለዚ ብቕንዕና መልሲ ክትህቡ ኣገዳሲ እዩ።
- ኣብቲ መመልከቲ ዕቑባ ክታምኩም ከም እትፍርሙ ይገብር። እዚ ሰነድ እዚ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንምርካብ ከምዘመልከትኩም ዘረጋግጽ ወግዓዊ መርትዖ እዩ።
- ናይ ገጽኩም ስእሊ የልዕል፣ ዓሸራ ኣሰር ኣጻብዕትኹም ይወስድ፣ ንኽትፍርሙ ድማ ይሓተኩም። እዚ ኸኣ ንኻልኦት ነገራት ሓዊሱ፣ መረጋገጺ መንነት ወጻእተኛታት (VI) ዝበሃል ሰነድ ንምድላው ኣድላዪ እዩ። በዚ ሰነድ እዚ ድማ፣ ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንምርካብ ኣመልኪትኩም ከምዘለኹም ከተርእዩ ትኽእሉ።
- ሰነዳትኩም ንኣብነት ፓስፖርትኹም ይወስድ። ከምኡ እውን ውልቃዊ ሰነዳትኩም ቍጽጽር ንኽግበረሎም ይልእኮም። ሓቀኛታት እንተድኣ ኮይኖም፣ ኣብ መወዳእታ ናይቲ መስርሕ ዕቑባ እንደገና ክምለስልኩም እዮም።
- ተሌፎንኩም ንመርመራ ይወስዳ። ኣብ ተሌፎንኩም ንዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ እንተሃልዩ ይምርምር። ድሕሪ መርመራ ነታ ተሌፎን እንደገና ክመልሰልኩም እዩ። እዚ ቍሩብ መዓልትታት ክወስድ ይኽእል እዩ።
- ንሳንጣኹም ይምርምሮ።

ድሕሪ እቲ ምዝገባ ናብ መዕቆቢ ቦታ ክትከዱ ኢኹም። ጻዕቂ ስራሕ እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ፣ ንግዚኡ ናብ ካልእ ቦታ ክትሰጋገሩ ትኽእሉ ኢኹም። መስርሕኩም እንደገና ክሳብ ዝቕጽል ድማ ኣብኡ ክትጸንሑ ኢኹም። COA፣ ኣበይ ከም እትድቅሱን ከም እትበልዑን ይሕብረኩም።

**4ይ ስጉምቲ: ሕክምናዊ ቍጽጽር**

ድሕሪ እቲ ምዝገባ ኣብ GZA ሕክምናዊ ዝርርብ ክግበረልኩም እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፣ ኣገልግሎት ጥዕና GGD ሕማም ዓባይ ሰዓል (TB) ዘለኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን እውን ይምርምር እዩ። እዚ ተመሓላላፊ ለበዳ ሕማም እዩ። ስለዚ ድማ ናይ ሰናቡእኩም ራጂ ክገብሩልኩም እዮም።

**5ይ ስጉምቲ: ምስ IND ዝግበር ዝርርብ፡ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት**

ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት፣ IND ንዓኹም ሕቶታት ዘቕርበሉ ኣገዳሲ ዝርርብ እዩ። ኣቀዲምኩም ድሮ ናይ ምዝገባ ቅጥዒ መሊእኩም ኣለኹም ዲኹም? ስለዚ IND ነዚ ሓበሬታ ኣብቲ ቃለ-መሕትት ክጥቀመሉ እዩ።

እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ዕላማታት ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት እዚኦም ዝስዕቡ እዮም፡

- ብዛዕባ እዚኦም ዝስዕቡ ሓበሬታ ንምርካብ፡
  - ንስኹም መን ምዃንኩም፤
  - ካበይ ከምዝመጻእኹም፤

- ብኸመይ ከም እተጓዓዝኩም።

• ኣየኖት ሰነዳት ከምዘረከብኩም ንምርኣይ። ቅድሚ ሕጂ ዘየረከብኩሞም ሰነዳት ኣለዉኹም ድዮም? ስለዚ ነዚኦም ንIND ክትህብዎ ትኽእሉ ኢኹም።
• ካልእ ኣብ ኣውሮጳ እትርከብ ሃገር፣ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ክትውስን ዘለዋ ምኺናን ዘይምኺናን ንምምርማር። ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ Ȋ have asked for asylum in the EU - which country will handle my claim?” ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።
• መስርሕ ዕቑባኹም ብኸመይ ከም ዚቕጽል ንምግምጋም።

IND ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ክሓትተኩም እዩ፡
• መንነትኩም፣ ዜግነትኩም፣ መበቆል ሃገርኩም፣ መንበሪ ቦታኹምን ከባቢ መንበሪኹምን፤
• ስድራ-ቤት፤
• ሰነዳት፤
• ትምህርቲ፤
• ስራሕን ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን፤
• ኣብ ካልኦት ሃገራት ምንባር፤
• ናብ ኔዘርላንድ ዝገበርኩም ጉዕዞ፤
• ዕቑባ ተመልክትሉ ዘለኹም ምኽንያት፤

ኣብ እዋን እዚ ዝርርብ፣ ስለምንታይ ዕቑባ ትሓቱ ከም ዘለኹም ንዚለዓል ሕቶ ኣሕጽር ኣቢልኩም ምምላስ ጥራይ እዩ ዘድልየኩም። IND፣ ነዚኦም ሓበሬታታት ቅኑዕ መስርሕ ንምውጣን ክኽእል ምእንቲ ይጥቀመሉም። ኣብ ካልኣይ ቃለ-መሕትት፣ ዕቑባ ንምርካብ ዘመልከትኩምሉ ምኽንያታት ብዝርዝር ክትነግሩ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ዝርርብ እዚ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ተባሂሉ ይጽዋዕ።

IND ብዛዕባ እዚ ዝርርብ ጸብጻብ (ሪፖርት) የዳሉው። ቅዳሕ ናይዚ ከኣ ደሓር ክትወሃቡ ኢኹም።

እቲ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ተወዲኡ ድዩ? ብድሕሪኡ IND፣ ካበይ ከባቢ ከም ዝመጻእኩም ንምርኣይ ድምጽኹም ክቀድሖ ይኽእል እዩ። ሽዑ ንስኹም በቲ ንምዝራብ ዝለመድክሞ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ብተኸታታሊ ንሓጺር ግዜ ክትዛረቡ ኢኹም።

**ኣተርጓሚ**
ምስ ዝተፈላለያ ውድባት ብዙሓት ዝርርባት ኣለኩም። ኣብ ዝበዝሑ ዝርርባት ሓደ ኣተርጓሚ ነቲ ዝርርብ ንምትርጓም ይሕግዝ። እቲ ኣተርጓሚ ናይ ቋንቋ ኔዘርላንድ ዓረፍተ-ነገራትን ቃላትን፣ ናብቲ ስኹም ዝርድኣኩም ቋንቋ ይትርጉመልኩም። እቲ ንስኹም ዝበልኩሞ ከኣ ናብ ቋንቋ ኔዘርላንድ ይትርጉሞ። ኣተርጓሚ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ብዝምልከት ኣብ ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሉን። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ኣተርጓሚ ኣብቲ ዝርርብ ምሳኹም ብኣካል ይኸውን። እንተኾነ ግን እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ብተሌፎን እውን ይግበር እዩ። ኣብቲ ምስ IND ብዛዕባ ዕቑባ ዘመልከትኩምሉ ምኽንያታት ብዝምልከት እትገብርዎ ዝርርብ፣ ኩሉ ግዜ ሓደ ኣተርጓሚ ብኣካል ኣሎ። ንስኹምን እቲ ኣተርጓሚን ብጽቡቕ ክትረዳድኡ ዘይትኽእሉ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ብዛዕባ እዚ ብቐጥታ ሓብሩ። ስለዚ IND ካልእ ኣተርጓሚ ከዋድድ ክፍትን እዩ። ንስኹም

## ድሕሪ እቲ መድረኽ-ምዝገባ እንታይ የጋጥም?

ድሕሪ እቲ መድረኽ-ምዝገባ፡
• መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ካልእ መዕቆቢ ማእከል ናይ COA ትኸዱ፤
• IND መስርሕ ዕቑባኹም ብዝምልከት ዝቕጽል እንታይ ከምዝመስል ይግምግም፤
• IND፣ ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ንምውሳን ክንደይ መርመራ ከምዘድልይ ክግምግም ይኽእል። IND መርመራታት ክገብር ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ናይ ሰነዳትኩም፤
• እንተድኣ ናብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ ትኸዱ ኮይንኩም፣ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT) ይጅምር።

## ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT) እንታይ የጋጥም?

RVT ካብ ሰሙን ክሳብ ሒደት ኣዋርሕ ይወስድ። ጸዕቂ ስራሕ እንተሃልዩ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ኣብ እዋን RVT ካብ ጉዕዞኹም ዕረፍቲ ትወስዱ። ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA) ክትዳለዉ ትኽእሉ። ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA)፣ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ: "ናይ ዕቑባ ሕቶኹም፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ" ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ገና ደሓር ክወሃበኩም እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT) ኣይወሃበኩምን እዩ። ንኣብነት ኣብቲ መዕቆቢ ህውከት እንተድኣ ፈጢርኩም። እንተኾነ ግን ቅድሚ እቲ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ ምጅማሩ፣ ምስ ጠበቓ ዝዝርብ ክህልወኩም እዩ። እቲ ጠበቓ ንስኹም ምስ IND ንዝህልወኩም ቃለ-መሕትት ንምድላው ይሕግዘኩም። ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT)፣ እንታይ ከምዘጋጥም ኩሉ ኣብዚ ታሕቲ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቶም ስጉምትታት ብዝተፈልየ መስርዕ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

| | |
|---|---|
| 1ይ ስጉምቲ: | ሓበሬታ |
| 2ይ ስጉምቲ: | ጠበቓ |
| 3ይ ስጉምቲ: | ዝርርብ ምስ ነርስ |
| 4ይ ስጉምቲ: | ሰነዳት ናብ IND ምልኣኽ |
| 5ይ ስጉምቲ: | ዕድመ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንምግባር |

### 1ይ ስጉምቲ: ሓበሬታ
ንስኹም ካብ VWN ብዛዕባ መስርሕ ዕቑባ ሓበሬታ ክትቅበሉ ኢኹም። ከምኡ እውን ብዛዕባ እተን ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ዘጋጥማኹም ውድባት እውን።

### 2ይ ስጉምቲ: ጠበቓ
ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ ብዝምልከት ንምድላው ዝሕግዘኩም ጠበቓ ክምደበልኩም እዩ። እቲ ጠበቓኹም ነቶም ብዛዕባ ዕቑባ ዝምልከቱ ሕግታትን መምርሒታትን ይፈልጦም እዩ። ከምኡ እውን እቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ እውን ይፍለጥ እዩ። ነቲ ጠበቓ ገንዘብ ክትከፍልዎ ኣየድልየኩምን እዩ።

### 3ይ ስጉምቲ: ዝርርብ ምስ ነርስ
ኣብቲ መዕቆቢ ቦታ ምስ ነርስ ቆጸራ ኣለኩም። ኣብ እዋን እዚ ዝርርብ፣ እታ ነርስ ኣእምሮኣዊ ን/ወይ ኣካላዊ ጸገማት ዘለኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ትሓተኩም። እታ ነርስ እቲኦም ጸገማት ኣብቲ ምስ IND ዝህልወኩም ቃለ-መሕትት፣ ጽልዋ ክህልዎም ዝኽእሉ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ክትፈልጥ ትደልይ። ብኸምዚ መንገዲ IND ብዝተኻእሎ መጠን ነዚ ኣብ ግምት ከእትዎ ይኽእል።

### 4ይ ስጉምቲ: ሰነዳት ናብ IND ምልኣኽ
ንናይ ዕቑባኹም ታሪኽ ዝድግፉ ገና ኣገደስቲ ሰነዳት ኣለውኹም ድዮም? ስለዚ ነዚኦም ሰነዳት ናብ ኔዘርላንድ ከምዝለኣኹ ግበሩ። ነዚ ብእተኻእለኩም መጠን ቀልጢፍኩም ከተዋድድዎ ፈትኑ። IND፣ ነቲኦም ሰነዳት ናይ ሓቂ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ገና ምናልባት ክምርምሮም ይኽእል እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ "ሰነዳትኩም ብኸመይ ተረክቡ?" ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**5ይ ስጉምቲ፡ ዕድመ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንምግባር**
ካብ IND፣ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንኽትገብሩ ዝዕድም ደብዳቤ ክትቅበሉ ኢኹም። እቲ መስርሕ ብኸመይ ከምዝቕጽል ኣብቲ “ናይ ዕጭባ ሕቶኹም፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕጭባ” ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታት

ውልቃዊ ሓበሬታታት ብዛዕባኹም ዝምልከቱ ኩሎም ዓይነታት ሓበሬታታት እዮም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ዝሳተፉ ውድባት ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ኣለዉ። እዚኦም ውድባት ኣብ እዋን ናትኩም ምምልካት፣ ምዝገባ ወይ ሕቶ፣ ውልቃዊ ሓበሬታታት የመስርሑ። ንሳቶም ውልቃዊ ሓበሬታታት ንኽትህቡ ይሓትኹም፣ ከምኡ እውን ኣድላይ እንተድኣ ኮይኑ ንኻልኦት ውድባት ወይ ሰባት እውን። እዚኦም ውድባት ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ይጥቀምሉን ይዕቅብዎን፣ ከምኡ እውን እንተድኣ ብሕጊ ዝግደዱ ኮይኖም ናብ ካልኦት ውድባት የመሓላልፍዎ። ነቶም ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ዘመስርሑ ውድባት ዘለዎም ግዴታታት ብዝምልከት ኣብ ሕጋጋት ብሕትና ተጠቒሶም ኣለዉ። ንኣብነት ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ብትኽክልን ብውሑስን ክሕዝዎ ኣለዎም። ኣብ ሕጋጋት ብሕትና መሰላትኩም እውን ተጠቒሶም ይርከቡ። ብዛዕብኡ እንተድኣ ሓቲትኩም፣ ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለኩም፡

- ኣብቶም ውድባት ዘለዉ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ናይ ምርኣይ፤
- ኣየኖት ውድባት ንሓበሬታታትኩም ይጥቀምሉን ንምንታይን ናይ ምፍላጥ፤
- ናብ ኣየኖት ውድባት ውልቃዊ ሓበሬታታኩም ከምዝተመሓላለፈ ናይ ምፍላጥ።

ብዛዕባ ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩምን መሰላትኩምን ብዝምልከት፣ ተወሳኺ ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታታት ናይቶም ውድባት ተመልከቱ።

እዚ ሕታም ሓባራዊ ሕታም ናይዞም ዝስዕቡ እዩ፡
Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel (AVIM)
NIDOS
Centraal Orgaan opvang asielzoekers (COA)
Immigratie- en Naturalisatiedienst (IND)
Koninklijke Marechaussee (KMar)
Raad voor Rechtsbijstand (RvR)
VluchtelingenWerk Nederland (VWN)
Internationale Organisatie voor Migratie (IOM)
Dienst Terugkeer en Vertrek (DT&V)

ብዕማም ናይ፣
ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን፣
ክፍሊ ፖሊሲ ፍልሰት
www.rijksoverheid.nl

ካብ ትሕዝቶ ናይዚ ሕታም ዝምንጭው ዝኾነ ይኹን መሰላት ንምርካብ ኣይከኣልን እዩ። እንተድኣ እቲ ትርጉም፣ ፍልልይ ኣተረጓጉማ ናብ ምህላው ኣምሪሑ፣ እቲ ሕታም ቋንቋ ኔዘርላንድ መሪሕ ይኸውን።